

# ቃል ምስጋና

ወይዘሮ ኣኽበረት ኪዳነ ተስፋጽዮን ብዕለት 15 ግንቦት 1964 ኣብ ኣስመራ፡ ኣኽርያ ተወሊዳ ፣ ኣብ 56 ዕድሚኣ፡ ኣብ ዮተቦሪ ሽወደን፡ ብዕለት 23 መጋቢት ወጋሕታ 2020 ዓሪፋ። ኣዚና እንፈትዋን እነፍቅራን ወላዲትናን ሓብትናን ወይዘሮ ኣኽበረት ኪዳነ ተስፋጽዮን ብዕለት 23 መጋቢት ወጋሕታ 2020 ብሃንደበታዊ ሕማም ብሞት ተፈልያትና። በዚ ምኽንያት፡ ንዝወረደና መሪር ሓዘን ክንክእሎን ክንጸንዕን፡ ካብ ጎድንና ከይተፈለኹም ላእልን ታሕትን ዝበልኩም ኣሓትን ኣሕዋትን፡ ኣቦታትን ኣደታትን፡ ኣብ ጸሎተ- ፍትሓት፡ ዝተኻፈልኩም መምሃራን ካህናትን ዲያቆናትን፡ ካብ ዕለተ ሞታ ክሳብ ሓዘና እንዓጹ ብዘይምስልካይ፡ ዝተመላለስኩም ህዝቢ ዮተቦርን ከባቢኡን፡ ካብ ምሉእ ሽወደን፡ ኤሮጳ፡ ኣሜርካን ኤርትራን ብኣካል መጺእኩም ይኹን ብተሌፎንን ብማሕበራዊ መድያን ዘጸናናዕኩምና፡ ኩሉ ዓይነት ሞራላዊ ደገፍን፡ ኣብ ስርዓተ ጸሎት፡ ዘማዕረግኩምናን፡ይኹን ኣብ ግብኣተ-መሬት ስነ-ስርዓት ቀብራ ሓመድ ኣዳም ዘልበስኩምን ኩልኹም!
የቐንየልና፡ ምስጋናና ወሰን የብሉን፡
ሕሰም ኣይትርከቡ። ውላዳ ኤፍረም ባይረን ምስ ስድራ ቤቱን ኣሕዋታን ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ወይዘሮ ኣኽበረት ኪዳነ ተስፋጽዮን
ብዕለት 15 ግንቦት 1964 ኣብ
ኣክርያ (ኣስመራ) ተወሊዳ፣
ብሃንደበታዊ ሕማም ኣብ ወጋሕታ
23 መጋቢት 2020 ኣብ ዮተቦሪ
(ሽወደን) ካብዛ ዓለም ብሞት
ተፈልያ።
እግዚኣብሔር ኣብ የማናይ ኢዱ
ይቐበላ። ኣሜን!
ስድራ-ቤት ወይዘሮ ኣኽበረት
ኪዳነ ተስፋጽዮን



## ቃል ሓዘንን ሓጺር ታርኽን ወይዘሮኣኽበረት ኪዳን ተስፋጽዮን

ብሃንደበታዊ ሕማም ዕረፍቲ ወላዲትን ሓብትን ወይዘሮ ኣኽበረት ኪዳን ተስፋጽዮን ንውላዳ፣ ይኹን ንኩሉ ቤተሰባ ፈተውታ፣ መሓዙታ፣ ፈላጢኣ ፣ ከም ሓደጋ እዩ ነጢቡና። ዋላ ነቶም ኣብ ከባቢኣ ዝነበርናን ፣ ዘሎናን ሕማም ኣኽበረት ናብ ሞት ዘብጽሕ እዩ ዝብል ፍጹም ግምት ኣይነበረናን። ኣኽበረት ጥንቅቕቲ፣ ፈታዊት ሕክምና ስለዝነበረት፣ መድሃኒታ ብግቡእ ትካታተል ንፍዕቲ፣ ሂወታ እትኣሊ፣ ብቕዕቲ ሰብይቲ ስለዝነበረት። ወይዘሮ ኣኽበረት ኪዳን ተስፋጽዮን ብዕለት 15 ግንቦት 1964 እያ፣ ናብዛ ሰኑይ ዕለት 23 2020 ዝተፈለይትላ ዓለም፣ ካብ ብሩኻት፣ ፍቑራት፣ ርሁሩሃት፣ ፈተውቲ ሰናይን፣ ተግበርቲ ሰላምን፣ ስድራ ቤት ነብሲሄር ባሻይ ኪዳን ማርያም ተስፋጽዮንን ነብሲሄር ወይዘሮ ዘፋን ተስፋገርጊስን ማንታ ምሕረት ኪዳን ተስፋጽዮን ኮይና ብዕልልታ ተጸንቢራ። ኣብ ኣስመራ ኣኽርያ እያ ተወሊዳ።ኣኽበረት ከም ማንታ ምሕረት ሓብታ፣ ምሕረት ኣብ ማህጸን ኣደና ወይዘሮ ዝፋን ተቓዳዲማ መግቢ ግዲ ትምንጥላ ነይራ ኰይና ደቓቕ ህጻን ኰይና እያ ተወሊዳ። ነቲ ዝራዩ'ውን ኣንታ እዚኣስ ደምበርዶ ክትዓቢ እያ ዝብል ብሕቡእ ይሕመ ነይሩ እዩ። ኣኽቢር ግን ካብ ህጻና፣ በሉ፣ ከመይን፣ መንን፣ ምኺነይስ ከርእየኩም'የ ኢላ ፈኪራ፣ ዝነቀለት፣ ብኢሕ ናይ ሂወት መስርሕ ዝጀመረት፣ እያ ትመስልን፣ ኣብ ናይ ሂወት ፕሮጀክታ ብተግባር ዘመስከረትን። ከምቲ ንቡር ከኣ ብኣድልዎ ዋላ ክልተ ኣዋልድ ይወለዳ ከምተን ቅድምኤን ዝተወለዳ ኣሓተን ሰልስተ ግዜ ጥራሕ ደኣ ተዓለለን። ስድራና ኣቶ ኪዳን ተፋጽዮንን ወይዘሮ ዝፋን ተስፋገርጊስን 10 ውላድ ኢዮም ኣፍርዮም። እቶም ሰልስተ`ኢ (ጽገረዳ፣ ኣብርሃም፣ ብስራት) ከምቲ ልሙድ ሕማማት ናይ ዘይማዕበላ ሃገራት ብመሰረት ዋሕዲ ሕክምና፣ ሓኺይም፣ መድሃኒት፣ መሳሪሒ ሕክምና ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም እዮም ተቐጽዮም። እነፍቅራ ሓብታና፣ ኣላይትና፣ ሓጋዚት ኣቦና፣ ሕያወቲ ሓብትና፣ ወይዘሮ ኣበባ ኪዳን ከኣ ብ2002 ካብዛ ንነብረላ ዓለም ተፈልያትና። ስለዚ 6 ኣሕዋት ነንሕድሕድና ተኻባቢርና፣ ተፋቒርና፣ ተማኺርና ንኩሉ ጉዳያት ስድራ ቤትና ከነማሕድር ጸኒሕና። ኣኽቢር ግን ርእሲ፣ ሓንጎል፣ ኣላይት ናይዚ ምምሕዳር እያ። ኩላትና ኣሕዋት ከኣ እዛ ቆልዓስ ልዕሊ ዕድሚኣ ክትስከሞ ዘለዋ ሓላፍነት ይስማዓ ኣሎ ክንብል ኢና ጸኒሕና። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ከነስከማ ኣይመርጽናን፣ ባዕላ በወለንታኣን ሰናይ ድሌታን ዝወሰዶቶ እዩ። ከቢድ ምኺኑ ንኹላትና ይርዳና ነይሩ፣ ኣኽቢር ግን እሞ ይኽእሎ'የ ኢላ ዝወሰነት ነይራ። ንሕና'ውን ከየጠዓስና ኢና'ምበር በሊ ኣይትሕመቂ ኣብ ጎንኺ ኣሎና ኢና ክንብላ ጸኒሕና። ምናልባት እዚ ሓልፍነት'ዚ ጽቕጠት ሓንጎል ኣብ ምፍጣር ግደ ነይርዎ ክኸውን እኽእል እዩ።

ኣይትሕዙለይ ኣንዊሒልኩም ግን ኣብቲ ታሪኽ ኣኽቢር ሓብተይ ክመልሰኩም እየ፡ ተስፋ እገብር ከየሰልቸወኩም፡

ኣብ መንጎ እዘን 6 ኣዋልድ ሓደ ወዲ ኣነ እየ ተወሊደ። ኣቦናን ኣደናን፡ ጥዑያት ውላድ፡ ምውላዶም ኣዝዮም እዮም፡ ሕጉሳት ነይሮም። ኣቦይን ኣደይን ከምዘዕልሉና ዓርኪ-ርእሲ ኣቦይ እኒፈትዎ ኣቦና ግራዝማች ኣብርሃ ኣርኣያ፡ ወይዘሮ ዝፋን ማንታ ኣዋልድ ወሊዳ ምስ ሰምዐ ጸሙ ሓዲሩ ይብሉና። እዚ ደቀንስትዮ ክሳብ ክንደይ ኣብ ሕብረተሰብና ትሑት፡ ንዑቕ ህወት ከምዝነበረንን ከምዘለወንን እዩ ዝሕብረና። ስድራ-ቤትና ግን ኣብርሃ ትጋገ ኣሎኻ፡ ደቕና ማዕረ እና ንርእየን፡ ዋላ ሓደ ዝጎድለን የልቦን፡ ወዲ ድዩ ጓል ፍልልይ ኣይንርእየሉን እና፡ ብምባል መጉትዎዋ፡ ንሱ ውን ምስኦም ደኣ ተሓጎሰ።

ኣኽቢር ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድሚኣ ምስ ኣኸለት መጀመርያ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣኸርያ ክርስትያን ጀመረት፡ ድሕሪ´ኡውን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰላም መባእታዊ ትምህርታ ቀጸለት።

ኣብ ከባቢ 10 ዓመታ ግን ሕሱም ግዳማዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣረምናያዊ ጭከንኡ፡ መቕዘፍቱ ጅምላዊ ቅትለት ኣብ ዘውረደሉ እዋን፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ብዘበነ ዕግርግር ዝፍለጥ 1974 ለባማት ወለድና ኣብዚ ከተማ ኣስመራ ክትንብሩ ኣይንመርጽን ኢና፡ ስለዚ ንምዕባየይ ሓብተይ ወይዘሪት ብርኽቲ ኪዳን ሓላፍነት ኣሰኪሞም፡ ንዓድና ደቁጽንዓ (ጽልማ፡ ሰራየ) ክንውቐብ ሰደዱና። ኣኽቢር ኣብዚ እዋን´ዚ ዳርጋ ጓላ 10 ዓመት እያ። እቲ ዝገርመኒ ኣብዚ እዋንዚ ከይተረፈ እያ እንታይ ክንገብር ኣሎና ንዓበይቲ ኣሕዋታ ትምዕደናን፡ ትመኽረናን፡ ሓደስቲ ሓሳብ ተምጽእልናን፡ ሓድስቲ ኣዕሩኽ ትፈጥረላን ነይራ።
ኣቶም ሰባት፡ ሰብ ኣብ ሓዲሽ ሂወት ማለት ካብ ናይ ከተማ (ኣስመራ) ብመጠኑ ጽቡቅ ናብራ ወጺኡ፡ ኣብ ገጠር (ተራ ዘረባና ሃገረሰብ) ክነብር ዓቢ ጸገምን ለውጥን ኣለዎ። ኣኽቢር ግን ኣይተለወጠትን። ንኡሽተን ሓብትና እያ። ኩሉ ግን ንሳ ተሳልጦ። ሕሰቡ´ሞ ጓል 10 ዓመትሲ ንጓል 20 ዓመት ዓባይ ሓብትና ንዓይ ከኣ ወዲ 16–17 ዓመት መሪሓ ተማሓድረና። ኣይገርመኩምን ዶ፧
ኣኽቢር ኣብ ዓድና ኩቦ ትኣሪ፡ ዕንጨይት ትምእርር፡ ኣብ ግራዊቲ ከይዳ ትጕልጕል፡ ትጽሂ፡ ትዓጽድ፡ ኣብ ዓውዲ ትኺይድ፡ ኣብቲ ናይ ዓድና፡ገዛና ናብራን፡ ኣካይዳን ኣነባብራን ትሳተፍ፡ እቲ ንቡር ናይ ገዛ ስራሕ እንታይ ትገብር ነይራ ንእሓተይ ወይዘሮ ብርኽትን ወይዘሮ ምሕረትን ከገደፈልን እየ።

ኣኽቢ.ር ግን ቃንዛ ሃገርና ቑልዕነታ፣ ከተስተማቅር ዕድል ኣይሃባን። ኣሕዋታውን ከም ቆልዓ ክትጻወት፣ ክትዛናጋዕ፣ ቑልዕነታ ከተስተማቕር ዕድል፣ ቦታ፣ ግዜን ኣይሃብናያን። ኩላትና ጠንጢናያ ደኣ ናብ ገድልና ከድና። ንመን ንኸሶ ንዓኻትኩም ንገድፈልኩም። ግን ነቲ ኩሉ ዝገበረን፣ ስጉምትና ክንወስድ ዘወሰነን፣ ንሕና ጥርሕ ዘይኮናስ መግዛእቲ ሃገርና ኤርትራ፣ ብኢትዮጵያ እዩ። ኩላትና ኣሕዋታ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ክንቃለስ፣ ንኣኽበረት ኣብ ንኡስ ዕድሜኣ ራሕሪሕናያ ክንከድ መርጽና። ኣን`ኳ ኣቀዲመ´ የ ደድሕረይ ግን ብርኸቲ፣ ምሕረት ኣሕዋተይ ናብታ ብተግባር ንነጻነት ሃገርን ሓርነት ህዝብን ትቃለስ፣ ዝነበረት ውድብ፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰልፍና ንኩሉ መግዛውታዊ ስርዓት ክንቃልስ መሪጽና።

ብርኸቲ ሓብተይ ተባዕ ተዋጋኢት ኮይና ከም ኦፐሬተርን መራሒት ኩናትን ኣብ ብሪገድ 97 ተቓሊሳ፣ ናተይ ኣብ መጻኢ ታርኽ ሂወተይ ከም ደረሲ ክጽሕፍ እየ። ምሕረት ሓብተይ ኣብ ክሊ ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራውያን (ነጻ ኤርትራዊ ናይ ደቀ ኣንስትዮ ማሕበር) ተቃሊሳ ናብ ስደት ንኩወት ኣምሪሓ። ንኩሉ ስድራ ቤትና ኣብ ምንባይ ከኣ ግደኣ ተጻዊታ።

ኣኽቢ.ር ጸሙውኒ ኣይብለትን፣ ናብራና ገዛና ሓላፍነት ተሰኪማ፣ ኩላትና ኣሕዋታ ዝወሰድናዮ ስጉምቲ ኣኹሪዕዋ፣ ተሓቢና ተቀበለቶ እዚ ኣብ 12 ዓምታ እዩ።

ድሕሪ´ዚ ኣኽቢ.ር ኣሰር ተቃልስቲ ኣሕዋታን ኣሓታን ተኸቲላ ኩሉ ናይ ቃልሲ ስጉምታት እያ ወሲዳ። ኣብቲ ዓዲ (ደቁጽንዓ) ዝግበር ዝነበረ ምንቅስቃሳት መንእሰያትን ደቀ-ኣንስትዮን ኣበገሰቶን ኣሕንንቶን። ብኩሉ ዓቅምታታ ከኣ ኣብ ንጥፈታት ውድብ ተሳተፈት። ኣብቲ እዋንቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ህዝባዊ ባይቶታት ተቀውም ስለዝነበረት ኣተባባዒትን፣ ንከኸውን ጸዓረታትን ተጸንበርቶን፣ ናይ ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ናይ ሓባር ድኳናት ክቑውም ተበግሶ ኣብ ተውስደሉ፣ቀዳማይ ቦታ ሒዛ ድኳን ኣብቲ ዓዲ ክቀውም ካብ ዝገበረት ውፍይቲ ባእታ ነይራ።እቲ ዝገሪም ዕድሜኣን ኣፍልጦኣን ድሩት እናሃለወ፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ መሬት ምድልዳል ኣብ ከበሳ ኣብ ከተካይደሉ ዝነበረት እዋን ኣብ 1979 ብወገነይ ካብቲ ተመዲበ ዝቃለሰሉ ዝነበርኩ ቦታ ማለት ከሰላ ሱዳን፣ ናብ ከበሳ ኣብ ዝመጻእኩሉ እዋን ኣብቲ ዓዲ ዝነበረ ዓዳዊ ጉንጺ ኣስተባሂላ፣ ካብቲ ዝገርመኒ ሓደ ሓሳብ ኣቅረበትለይ። ንሕና ኣሕዋት ኢና ቃል ኣኽበረት "ስለምታይ ብጽልሚ ንቃለስ፣ በዓል ኣቦይ ኣብቲ ናይ ቀደም ባህሊ ርስቲ፣ውርሻ፣ ጽልሚ ክህልዉ ይኽልኡ እዮም፣ ንሕና ግን ፍትሓውያን ክንከውን ኣሎና" ደኣ በለትን፣ እንታይ ማለትኪ እዩ ምስ በልክዋ፣ "ብርሂን ሕጂ ምድልዳል መሬት ኣዊጅኩም ኢኹም፣ ስለዚ እዚ ናይ ኣርባዕተ- እንስሳ ሽግር ክፍታሕ ኣለዎ ደኣ በለትኒ።"ንቶም ዘይትፈልጥዎ ኣርባዕተ- እንስሳ ዝብሃል መሬት ኣብ ዓድና ኣሎ፣ እዚ ንናይ ሓደ እንዳ ሕዙእ ዝኾነ ቦታ´ኡ ነይሩ። ኣኽቢ.ር ነዚኣ ዴሳ ወይ ናይ ኩሉ ግበርዎ ትብለኒ ዘላ።

ኣኽቢር እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግዲኣ ኣብቲ ህዝብና ኣብ ምልዕዓልን፡ ምንቅቃሕን ምውዳብን ሓያል ግደ ዝጸወት ናይ ስለተብብን ባህልን´ውን ልሉይ፡ ኪኢላዊ፡ ግዲኣ ኣወፍያ እያ። ኣባል ክፍሊ ባህሊ ጽልማ ኮይና ከም ኣላይት፡ተዋስኢት፡ደራፊት ኮይና ዓቢ ናይ ምንቅቃሕ ግደኣ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጻዊታ እያ።

ወይዘሪት ኣኽበረት ኪዳን ተስፋጽዮን ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ኣብ 28 ለካቲት 1981 ምስ ተጋዳላይ ባይረ ገብረወልዲ፡ ብዙሓደሮም ፍቅሪ ቃልሲ፡ ኣብ ደቂጽንዓ ቃል-ኪዳን ኣሲሮምን ተመርዕዮምን። ባይረ ገብረወልዲ ኣብዚ እዋንዚ ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ብሪገድ 64 ናይ ሓደ ቦጦሎኒ ናይ ምምሕዳራውን ስርዒታውን ሓልፌ እዩ ነይሩ። ኣኽበረት´ውን ኣብቲ ዝኸይድ ዝነበረ ቃልሲ ናይ በርገሳዊ ማሕበራት እናተሳተፍት፡ ምስ በዓልቤታ፡ ኣብታ ብርጌድ ተጸቢራ፡ ኣካል ናይቲ ብርገድ እያ ኰይና፡ ስለዚ ኩሉንታዊ ሃገራዊ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ተሳቲፋ።
በቲ ዘጓነፈ ዘስካሕክሕ ሓድሕድ ኲናት ኣኽበረት´ውን ተጠቒዓ፡ ኣብ ኢድ ጸላኢ ኢትዮጵያ ክትኣቱ ኰይና፡ ኣብ ኣስመራ ኣትያ። ኣኽቢር ኣብዚ እዋንዚ ንኤፍረም ባይረ ገብረወልዲ ኣብ ቃልሲ ዝተፍጥረ ፍጥረት፡ ጥንስቲ እያ፡
ኣብ ትሕቲ ስድራ ቤታ ኮይና ኣብታ ዝተወልደትላ ከተማ ምስ ፍቁራት ወለዳ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ናይ መግዛእቲ፡ ዝወለደቶ ውላድ ክትዕቢ፡ ወለዳ ክትኣሊ፡ሓዳር ክተማሓድር ከቢድ ሓላፍነት ተሰኪማ።
ኣኽበረት ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ኮይና ውን ቃልሳ ኣይቋረጸረትን።

ኣብዚ በጃኹም ኣስተብህሉ ኩሎም ኣሕዋታ ክንሕግዛ ዘሎና ኣብ ቃልሲ እና ዘሎና።
ንእስቲ ሓፍትና ኣኽቢር ኩሉ ናይ ስድራ ቤትና ሓላፍነት ኣሰኪምና፡ ያኢ ናይ ሃገር ጉዳይ ዓዚዙና።
ቃል በዓልቤታ ነበር ባይረ ገብረ ወልዲ `ኣነን ኣኽበረትን ኣብ ቃል ኪዳን ክንጽመድ ኮሎና ናይ ክልቴና እምንቶ ምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ክንስዋእ ድልዋት ኢና ነይርና። ከም ባይረ ኣነ ቅድሚኺ እንተተሰዊኤ፡ ሓደ ምእዙዝ፡ ተባዕ፡ ሕያውያን ውላድ ክህልምና´ሞ፡ ንስኺ ብሓላፍነት ክተዕብዮ ኣኽቢር ምሉእ ምትእምማን ኣሎኒ፡ ብምባል እዮም ኣብቲ መሪር ናይ ሓድሕድ ኲናት ግዜ ተፈላልዮም።
ባይረ ንቃልስን ስደትን ኣኽበረት ከኣ ጥቅዕቲ ናይቲ ሕሱም ኩነታት ኰይና፡ ድሕሪ ብዙሕ ከልበትበት ንኣስመራ ኣትያ።

ኣኽበረት ሓላፍነት ወለድና ተሰኪማ፡ ስድርና ክትኣሊ፡ ክትናቢ ድሕሪ ምጽናሓ ብበዓል ቤታ ባይረ፡ናይ ስድራ-ቤት ምትኽኻብ ብዝገበረላ ዕድመ ኣብ 1994 ምስ ንኡስ ውሉዳ ኤፍሬም ናብ ሃገር ሽወደን ናብ ስደት ኣምሪሓ። ኣኽቢር ዋላ ምስ ባይረ እንተተፈላለየት፡ ነቲ ዝምድና ምስ እንዳቦይ ገብረወልዲ፡ ማለት ምስ ኣሕመትሙታ፡

ንዓዕልታ፡ ምስ ሙሉእ ዓዲ ሽኻ´ውን ከምታ ኣብ ሓዳር ዝነበረታ´ያ ብፍቅሪ ቀጺላቶ። ኩሉ እቲ ስድራ ቤት ከኣ የፍቅራ የኽብራ።ወደይ ኣብ ዓዱ ሰረት ክህልዎ ኣለዎ ብማለት´ውን ኣብ ዓዲ ሽኻ ገዛ ኣሰርሓ እያ። ኣብ ሽወደን ከምቲ ኩሉ ቛንቛ ሽወደን ተማሂራ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሓት ከኣ ተዋፊረት።

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ባህጊ ኣኽበረት ወደይ ክማሃር ኣለዎ ኢላ ስለዝወሰነት ስና ንኺሳ ውላዳ ብጉቡእ ኮስኩሳን ኩሉ ድልየታቱ እናኣማላአትን ከምቲ ሕልማን ባህጋን ሓደ ምሁር ኤርትራዊ ኣፍርያ። ኤፍረም´ውን ምእዙዝ፡ ዕጉስ፡ ምኽሪ ኣዲኡ ተቀባሊ፡ ኮይኑ፡ ከምታ ድልየታ፡ ትምህርቱ ብግቡእ ተኻታቲሉ፡ ብናይ ስነ-ሕብረተሰብ ፍልጠት፡ ብዲግሪ ተመሪቁ በቲ ዝተምሃሮ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ተጽሚዱ ይርከብ። ካልእ ባህጋ፡ ከኣ ውላዳ መጻምዲቲ ክረክብ፡ሓዳር ገይሩ፡ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ክወልድ ክፈሪ እዩ ነይሩ፡ እዚ´ውን ተማሊኡላ። ክልተ ጽቡቃት ደቂ ወዳ ረኺባ። ክሳብ ዕለተ ዕረፍታ ከኣ ምስ በዓልቲ ቤቱ ሰናይት ኣብርሃለ ኣልያዋ፡ ኣልዕልዋ ሓብሒብዋ፡ ሕክምናታት ኣመላሊስዋ።
ኣኽበረት ብዙሕ ነፍሳ ኣብ ምርኣይ፡ ስስዕቲ ኣይኮነትን፡ ብዙሕ ነገራት የቛቕላ፡ ንካልእ ክገብር እየ በሃሊት ኢያ ጸኒሓ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ግን ነፍሰይ ክፍቅድ ብማለት ኣብ ኣምላኻ ተጽጊዓ፡ ኣብታ ልዕሊ 20 ዓመት ብንጥፈት ኣብ ስርሓት ቤተክርስትያን ዘገልገለታ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅዱስ ስላሰ ቤተክርስትያን ቅዱስ ቁርባን ወሰደት፡ ተቐበለት።

ሕጂ እንተ ተዓጊእስኩሙኒ ብዝርዝር ዘይኮነስ ብሓጺር ባህርያት ኣኽበረት ሓብተይ ክገልጽ ተጸመሙኒ፡ ከም ዘንዋሕኩ እፈልጥ እየ ናይ ኣኽበረት ሓብተይ ታርኽ መጽሓፍ ሙሉእ ዘጽህፍ እዩ።

ኣብ ክንዲ ናተይ መግለጽን ቃላትን፡ ከም ብርሃን ሓዋ ብቛንቛይ ዝጥቀም፡ ካብዘን ኣብ ናይ ዕረፍቲ እዋና ዝተጸሕፈለይን ዝተባህለንን ክተናኽፍልኩም፡ ብናይ ኣኽቢር ጽቡቅ ተግባር ደወልቲ እዚ ይብሉ፡፡ ሓንቲ ዘይፈጣ ጓል ደቂላትለያ "ብርሃን ዲኻ ሓዊ ኣኽበረት `ኣኽበረት ኣደይ እያ፡ ኣቦይ ሞይቱ ሓዳስ ስለዝኾንኩ ኣብዚ ሃገር ዝፈልጠኒ የሎን፡ ዘጸናናዓትን ኩሉ ነገር ዝገበረትን ከም ኣደይ፡ ኣኽበረት ኢያ።" በኸየት ደኣ
ተደወለኒ ፡ "ብርሃን ዲኻ እወ ፡ ኣደይ ክትመውት ደልያ ንኻልእ ሰብ ኣይትጽውዑለይን ኣይትንገሩለይን ንኣኽበረት ጥራሕ ጸውዑለይን ንገሩለኒ ኢላትኒ። ኣነ ከኣ ንኽበረት ኣይፈልጣን እየ ነይረ፡ ድሕርይ ግን ኣደ ኲዶናቱኒ" ቤተሰብና፡ሓደሽቲ ስደተኛታት፡ ፡ሓዲሽ ዝተላለዩቶ ሰብ፡ እታ ደሃይና ትገብር፡ ኣበይ ኣሎና፡ ኣበይ ኣቲና፡ እትፈልጥ ኣኽበረት ኣኻኻብትና ተዘሚትና ኢለ እየ ዝድውል ዘልኹ ክብሃል ቀንዩ። ሓደስቲ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ ኦርቶዶክስ ካለኤይቲ ኣዴና ኣኽበርት እያ። ሓደ መንእሰይ ደዊሉ "ኣብ እዋን ክረምቲ ኣብ ማእከል ከተማ ረኺበትኒ´ሞ፡

ኣንታ እዚ ጃኬት´ዚ ኣብ ክረምቲ ኣብ ሽወደን ኣይክደንን እዩ፡ ናይ ሓጋይ ጃኬት እዩ።” ኣብ ሽወደን ሓዲሽ ስለዝኾንኩ ደሓን ናይ ውሽጢ ረጉድ ጎልፎሞ ኣለኒንድዩ በልክዋ፡” ናዓ ምሳይ ኢላ ኣብ ሓደ ዓቢ ድኳን ኣእትያ ረጉድ ናይ ክረምቲ ጃኬት ደኣ ገዚኣትለይ፡ ካብቲ ግዜ´ቲ ጀሚረ ኣኽበረት ወልዲተይ እምበር ካልእ ኣይመስለንን እዩ፡ ኣብ ኣምላኹ ምምራር ኣተወ፡ እዚ ኣምላኽሲ ንሕያዎት ሰባት ጥራሕ ድዩ ካብዛ ርግምቲ ዓለም ዝመንጥሎም ደኣ በለ። ለዋህ ርህርህቲ ሕያወይቲ ኣደ ኣጥፊእና” በለኒ።

ኣብ ዓዲ ትመላለሰሉን፡ ካብዚ ሃገር ካብ ትልእኾ መልእኽትን፡ ክመይ ኢሉ ይተኣኻኸለላ፡ ይገርም´ዩ፡ ንንእስቲ ጓል ሓፍተይ ፍቃዱ እናለኣኸት ንእከለ ክንድዚ ሃብዮ፡ ንኩስቶ ሽግርቲ´ያ ገል ቁሩብ ምቀልያ፡ ብምባል ሽጉራት ስድራቤታት ካብ ምእላይ ዝተበገሰስ፡ ሓደ ግዜ ኣኽበረትን ብርኽትን ናብ ዓድና ኣብ ዝኸዳሉ ሓደ ተዛራባይ ሰብኣይ ኣብ ዓድና፡ኣብቲ ዓዲ ግዲ ዘይነበረ ኮይኑስ ኣንታ ሎሚ መዓልቲ ሓሊፋትኒ ብደቂ ኪዳን ተሰፋጽዮን ኣብዚ ዓዲ ረድኢት ዊዒላ ነይራ ኢሎማ ኢሉ ተዛሪቡ ተባሂሉ ደኣ ተውርየ። ኣኽበረት እተን 10 ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኩለን ክትግብረን ዝወሰነት እያ ነይራ፡ ጽጉማት ብኹሉ ትረድእ። እሱራት ፍትሒ ትርኽብሉ ግዜ የምጽኣልኩም ንምባል ትበጽሕ፡ ክሳብ ንሳልሳይ ፓትሪርክ ኤርትራ ኣቡን ኣንጠንዮስ ኣብ ናይ ማሕዩር ቦትኦም ከይዳ እያ በጺሓቶም።

ቃል ኣቡ-ነብሳ ቀሺ ዑቕባይ ኪዳን ”ንዝሞተ ሰብ ዋላ ዘይኮና ጸጽቡቁ ኢኻ ትዛረበሉ፡ ብኣኽበረት ግን ብሓቂ፡ መጋርጃ ቤተክርስትያና ተቐንጢጡ፡ እዚ ኣብ ናይ ግሩፕ ወስ-ኣፕ እየ ጺሒፈዮ”። ደኣ በለኒ ኣኽበረት ብተሌፎን ዘይትረኽቦምን፡ ዘይትታሓባቦርን ቤተሰብ፡ ፈታዊ፡ ዓርኪ መሓዛ፡ጓና ሰብ የልቦና።

ኣክበረት ቆራጽን ወሳኒትን እያ። ዘለዋ ርእይቶ፡ ሓሳብ ክእ ብድፍረት እተቕርብ ሰብ ነይራ። ዋላ ዘለዋ ነጥበ-ፍልልይ ብውሽጣ እንተዓጊባትላ፡ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ኣይተእትዋን እያ። እዚ ኣብ መጋባያታት፡ ኣኼባታት ጥርሕ ዘይኮነስ ዋላ ኣብ ውሽጢ ናይ ስድራ ቤትና ጉዳይ፡ ርእይቶ ሰባት ተኽብር፡ ርእይቶ ክእ ክኽብረላ ትመርጽ።

ኣኽቢር ሕጂ ኣብ ተዕርፈሉ፡ ትዛናጋዓሉ፡ ምስ ኣሕዋታን ኣሓታን ምስ ስድራ ቤት ኤፍረም ትድሰተሉ፡ ደቂ ወዳ ተጻውተሉ፡ ትሳዓዓመሉን፡ ዓባየይ ተባሂላ ትሕቆፈሉ፡ ፈታዊት ሃገራን ዓዳን ስለ ዝነበረት ክምቲ ቀደማን ክምቲ መደባን ዓድና ትበጽሓሉ እያ ተቐዚፋ።ንሕና ከኣ ተዘሚትና።

ግን ክምቲ ልሙድ ኣበሃህላ እግዚኣብሄር ኣብ የማን እዱ ይቐበላ። መንግስተ ሰማያት የዋርሳ።

ውላዳ ኤፍረምን፡ ሓዋ ብርሃነን ኣሓታን
ምስ ምሉእት ስድራ-ቤት